ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ህይረም

ናትና ናይ ኤርትራውያን ኣተሃላልዋ ኣዝዩ ዝገርምዩ። ተባዕ ኔርካ ፈራሕ፡ ኣረጊት መግዛእቲ ኣባሪርካ ኣብ ሓድሽ መግዛኢ ምርዓም። ምስ ሓይልኻ እንከለኻ ድኹም። ምስ ትሕዝቶኻ ተመጽዋቲ። ኩሉ ነገርና ካብ ንቡር ዝወጽአ ኮይኑ። ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይህረም¡ ከም ዝተባህለ ብሰንኪ ብፖለቲካ ዘይምንቃሕናን ዘይምብቃዕናን ምስ ሓይልና እንከለና ንህረም ኣለና። ጭጉራፍ ባዕላ ወቒዓ ባዕላ ተእዊ¡ ዓይነት ድማ ኣብ ክንዲ ፍትሓዊ ኣረኣእያ ወኒና፡ ዝተዘርገ ኣንፈተ ፖለቲካና ኣነጽሪና፡ ናብ መንገዲ ዓወት ዘብጸሐና ስትራተጂን ስልትን ቀሪጽና ዘቤታዊ ጸላኢ ኣልጊስና ሓራ ክንከውን ንረባረብ፡ ከኩርባና ሒዝና፡ ገለ ኣምሪርና ንነቅፍ ብወግዒ ድማ ንቃለስ። ገለ ንብዓት ሓርገጽ ንነብዕ። ገለ ካልኦት ሓራ ከውጽኡና ንምህለል። ገለ ድማ ወሰና ሒዝና ንዕዘብ ንወራዘ።

ትማሊ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ደለይቲ ፍትሒ ምኻና፡ ተበዓት ምኻና፡ ኒሐኛታት ምኻና፡ ሓርበኛታት ምኻና ብዛንታ ብእዝኒ ጽሮት ዘይኮነ በተግባር ዘርኣናሉ ዘኹርዕ ወቕቲ ነይሩ። ሎሚ ከኣ፡ ብግልባጡ ክሕደት፣ ጭካኔ፣ ኣምሱልነት፣ ውልቃውነት፣ በለጽ፣ ሓሶት፣ ጉጅላውነት፣ ጉድለት ነብሰ ምትእምማን፣ ልክው ዝሓለፎ ራዕዲ፣ ተጸባይነት፣ ፖለቲካዊ ባዶነት፣ ኣምልኾ ሓደ ሰብ፣ መሰረት ዘይብሉ ባዶ ጃህራ፣ ካብ መስመር ሰብኣውነት ፍጭ ዝወጸአ ኣራዊታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ክሕምሱና ክመርሑና ኣብ ዝዕዘበሉ ወቕቲ ንርከብ ኣለና።

ውልቀ ሰብ ኮነ ህዝቢ ከም ህዝቢ ቀስ ብቐስ ካብ ዝደኸመ ደረጃ ናብ ዝማዕበለ ክስጉምዩ ትጽቢት ዝግበር። እቲ ናይ ምዕባሌ ስጉምቲ ብዝተፈላለዩ ባዕላውን ወድዓውን ምኽንያታት ክተዓናቐፍ፡ ስለዚ ከኣ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ኣወንታዊ ለውጢ ዘይከምጽእ ይኽእልዩ። ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚታት ከኣ ከም ውሁብ ክውሰድ ይከኣል። ኣብ ናይ 30 ዓመት ዝተናወሐ ነጻነታውን ሓርነታውን ቃልሲ ዝፈረየ ሃገራዊ ፍቕሪ፣ ኒሕ፣ ትብዓት፣ ተወፋይነት፣ ሓርበኝነት ከም ብተልመደን ዝተሰርሐ ኳና፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ክዝረግ ክዓኑ ምርኣይ ግን ልሙድ ኣይኮነን። እዚ ጉዳይዚ ከጋጥም ይኽእልዩ ኢ.ልካ ትሓልፎ ሕመቕ ኣይኮነን።

እዚ ክስተቲዚ ንለባማት ኤርትራውያን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብርሑቕ ንጭቡጥ ከመይነት ፖለቲካዊ ኤርትራ ትማልን ሎምን ንዝፈልጡ፡ ደለይቲ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ክብረት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፣ ቁጠባዊ ዕቤትን ማሕበራዊ ፍትሕን ንዝኾኑ ወገናትውን ዘሰንብድዩ። ምሁራትን ተመራመርትን ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠት፡ ብናይ ትማሊ ጽንዓት፡ ትብዓትን ዓወትን፡ ናይ ሎሚ ድማ ዝርገተ ፖለቲካዊ መርሆ ራዕድን ውድቀትን ኤርትራውያን ጠንቁን ሳዕቤኑን ከጽንዑ ዝድርኽዩ። ከምዚ ዓይነት ዳግም ብካልኦት ከይድገም መምሃሪ ዝኸውን መፍትሒ ሓሳብ ከናድዩ ዝዕድም ተርእዮዩ። ህዝብታት ኤርትራ ሎሚ፡ ብዘይበደልካዮ ተፈረድ ብዘይደየብካዮ ውረድ¡ ከም ዝተባህለ ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ መስርሕ ምዕባሌኦም ተኾሊፉ፡ ሕቶ ምንባርን ዘይምንባርን ኣብ ቅድሚኦም ተደቂንዎም ብእግረይ ኣውጽእኒዮም ዝበታተኑ ዘሎ።

ትማሊ ንሃገራዊ ነጻነትን ህዝባዊ ሓርነትን ኣንጻር ግደማዊ መግዛእቲ ኣብ ዝተኻየደ ከቢድ መስዋእቲ ዝሓትት ቃልሲ፡ ፈታውን ጸላእን ብዓይኑ ዝተዓዘቦ ፊት ንፊት ምስ ዓረር ዝገጥም ዝነበረ ትብዓት፡ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ ዝሰረቱ ሕድሕድ ምትሕልላይ፣ ሓርበኝነት፡ ሎሚ ኣንጻር ዘቤታዊ ጸላኢ ክድገመሉ ዘይከኣለ ምኽንያት እንታይዩ? እቲ ናይ ትማሊ ጽንዓት ትብዓት ኣብ ምንታይ ዝተሰረተ ድዩ ነይሩ? ኣብ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዝተሰረተ ሓቀኛ ህዝባዊው ሃገራውን ፍቕሪ ኣይነበረን ማለት ድዩ? ወይስ ኣብ ናይ ትማሊ ሰብን ኣብ ናይ ሎሚ ሰብን ናይ ባህሪ ፍልልይ ስለ ዘሎዩ?

ፖለቲካዊ ዓፈናን ቁጠባዊ ምዝመዛን ፈጻሚኡ መን ብዘየገድስ ኩሉ ዘሕምም ዘቕንዙዩ። ኣብ ናይ ትማሊ ግዳማዊ ገዛእን ናይ ሎሚ ዘቤታዊ ገዛእን ድማ ናይ ትውልድን ቋንቋን እንተዘይኮይኑ ናይ ባህሪ ፍልል የለን።

ንደግርን ህግደፍን ኣብ ሓደ ሚዛን ኣቐሚጥካ ንምንጽጻር እንተተፈቲኑ ከኣ፡ ናይ ሎሚ ዘቤታዊ መግዛእቲ ህግደፍ ከም ዝጭክንን ዝመርርን ንክልቲኦም ገዛእቲ ዝረኣዮ ዝምስክርዎ ዘለው ሓቂዩ። እሞ እቲ ትማሊ ዝነበረ እምቢ ኣይግዛእን ኣይምብርከኽን ጽንዓትን ትብዓትን ደኣ ሎሚ ናበይ ከደ? እዚ ሎሚ ብገለ ወገናት ንሪኦን ሰምዖን ዘለና ካብ ጸላእን ቀታልን ህግደፍ ምሕረት ዝጽበ ፖለቲካዊ ልምሰትን ሕሉፍ ራዕድን ከ ከመይ ተኣታተው? ወዲ-ሰብ ንዘለዎ ኣወንታዊ ክብርታት ይዕቅቦን ይውስኽሉ ›ምበር፡ ብኸመይ ነቲ ትብዓት ብበለጽን ራዕድን ይጅለሖ?

ብኸመይ እወ ህግደፍ መሳቐዩ፡ ቀታሊ፡ ዘራፊ፡ ገባቲ እናሃለወ፡ ሓላዩ መሓሪ ዝብል ሕድሕዱ ዝላተም ርእይቶ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ቦታ ክረክብ ክስዕርር ክኢሉ? ንቐሕን ብቐዕን ፖለቲካዊ ኣመራርር ብምስኣኑ ድዩ ወይስ ዝተረግመ ህዝቢ ስለ ዝኾነ? ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ዜጋ ንዘሳቐዮ፡ ዝቐትሎ፡ ዝዘርፎ፡ ብሰብኣዊ ክብሩን ልኡላዊ ግዝኣቱን ንዝጣላዕ ጉጅለ ኣይሰግድን። ይሕርን ›ምበር ኣይርዕድን። ካብኡ ምሕረት ክወርደሉ ኣይጽበን።

ሎሚ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ንዕዘቦ ዘለና ግን፡ ኣይ ፖለቲካዊ ብስለት፡ ኣይ ትብዓትን ተወፋይነትን ኩሉ ኣንጻር ቅድሚ 1991 ዝነበረ ታሪኽን ተመክሮን ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራዩ። ካብቶም ብዙሓት ንፖለቲካዊ ዝርገትን ውድቀትን ዘርእዩና ሓደ ኣብነት ንመለከት፡- ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሓድሽ ንጉስ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ይኸውን ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ብኢደ-ወነኑ ዝተቖጻጸሮ ፖለቲካዊ ስልጣን ናብ ወዱ ንምስግጋር ምልክታት የርኢ ኣሎ። ወዱ ኣብ ዘይምልከቶ ኣኼባ ካቢነ-ሚኒስተራት ተሳቲፉ። ዲፕሎማሰኛታት ኣዘራሪቡ። ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኮይኑ። ልክዕ ከም ኣቦኡ ብሃገራዊ ድሕነት ተዓጂቡ ይንቀሳቐስ ኣሎ። ልዑል ጥንቃቐን ሓላፍነትን ዝሓትት ሃገራዊ ሰነዳትን ስምምዓትን ከመርሕን ክቆጻጸርን ስልጣን ተዋሂብዎ ..ወዘተ ዝብሉ ርእይቶታት ምቅላሕ ካብ ዝጅምር ነዊሕ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ጭብጢ ዘለዎ ይኹን ኣይኹን ብመንጽርቲ ከም ጥሙር ህዝብን ልኡላዊት ሃገርን ንቅጽልዶ ኣይንቕጽልን ገጢሙና ዘሎ ኣሰካፊ ኩነታት ትኹረት ክወሃቦ ዘይብሉ ኣዝዩ ንኡስ ነገርዩ። ነቲ ውልቀ መላኺ መሊሱ ዘሻድን ንፖለቲካዊ ሕመቕናን ዝሩግ ኣተሃላልዋናን ድማ ዝገልጽዩ። ህግደፍ ምስ ኩሉ ጸረ-ህዝቢ ትካለቱ ክሳብ ዘይተወገደ ብኢሳያስ ተመርሒ ብወዱ፡ ብፍሊጾስ ተመርሒ ብካሪካረ ዘምጸኦ ለውጢ የለን። ህግደፍ፡ ህግደፍዩ።

ትኹረት ክግበር ዘለዎ ወዲ ኢሳያስ ዝለዓለ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ንመሓዝ ልምምድ ይገብር ምህላው ወይ ምሓዙ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ዝበሃል ዘሎ ወዲ-ኢሳያስ ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብዩ። ኤርትራዊ ዜጋ ድማዩ። ስለዚ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ክድይብን ክመርሕን ከም ዜጋ መሰሉዩ። ኣብ ስልጣን ዝወጽኣሉ ብሕጋዊ ኣገባብ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ግን ከዛረብ ይኽእልዩ። ኣብዚ መድረኽዚ ኣብ ኤርትራ ሕግን ሕጋዊ ኣሰራርሓን ዝበሃል ስለ ዘየለ ድማ፡ ብሕጊ ትሓተሉን ትቆጻጸረሉ ዕድል የለን። ዘሎ እንኮ ኣማራጺ እንኮ-ሰባዊ ስርዓት ምፍራስን ጠቕሊልካ ምውጋድን ጥራሕዩ። ወዲ ኢሳያስ ስለ ዝኾነ ጥራሕ ኣብ ጽፍሒ ፖለቲካዊ ስልጣን ይሓኩር ኣሎ ወይ ደይቡ ኣሎ ዝብል ነቐፊይታ ግን ቅኑዕ ስለ ዘይኮነ ክእረም ይግባእ።

ትኹረትና እንታይ ስለ ዘጉደልና ወይ ስለ ዝተጋገና ኢና ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝበለ ፈራሕ ጨካን ዘቤታዊ ገዛኢ ወዲቕና? ካብ ክብረት ናብ ሕስረት ወሪድና? ብኣንክሮ ክንፍትሽ ክንግምግም፡ ድኽመትና ኣለሊናን ተቐቢልናን ግሉጽ ርእሰ ነቐፊታ ድማ ገይርና ከም ህዝቢ ሓራ ንምኳን ብንቕሓትን ብጽንዓትን ንመሰረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ምርብራብ ጥራሕዩ። ምስ ባህሪና ከይተዓረቕናን ናይ ገዛእ ርእስና ድኽመታት ከይፈተሽናን ከይኣረምናን፡ ደድሕሪ ዕለታዊ ኢ-ሰብኣዊ ፍጻሜታት ጉጅለ ህግደፍ ዘብዘብ ምባል ግን ኣብ ትዕዝብቲ የእትወና እንተዘይኮይኑ ዘምጸኣልና ለውጢ የለን። ኢሳያስን ናይ ጥፍኣት መሳሒኡ ስማዊ ጉጅለ ህግደፍን ክሳብ ብህዝባዊ ቃልሲ ዝውገዱ ኩሉ ጸረ-ህዝቢ ተግባራት ክፍጽሙዮም። ኣብዚ ዝሓለፈ 28 ዓመታት ብተግባር ዝተዓዘብናዮ ከይተሰከፉ ክሕስው፣ ዘይተግበር መብጸዓ ክኣትው፣ ከፋፈሎም ብኣድልዎ ክገዝኡ፣ ንምህሩ ከደንቁሩ፣ ንሃብታም ከድክዩ፣ ህጻናት ከዘኽትሙ፣ ወለዲ ከብክዩ ከጸምው፣ ፍልጠትን ጉልበትን መንእሰያት ከማስኑ፡ ኮታ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ጎረባብቲ ሃገራት እናተዋፈሩ ዜጋታት ከሳቐዩ

ክቐትሉ ›ምበር፡ ህዝባዊ ምኽሪ ሰሚያም ክእረሙ ኣይረኣናን ኣይሰማምዕናን። ዘዋጽኣና ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይህረም¡ ከም ዝተባህለ ብፍላጥ ድዩ ብዘይፍላጥ ብሕመቕና ንህረም ከም ዘለና ምርዳእን ካብኡ ንምውጻእ ምርብራብንዩ።

ኣብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ እንታይ ዓይነት መልእኽቲዩ ዝቃላሕ ልቢ ኢልና ምስ እንምልከት፡ ሕድሕዱ ዘይቃዶ ሓንፈስ ርእይቶዩ። ገሊና ጉጅለ ህግደፍ ህዝባዊ ሕጋውን ስለ ዘይኮነ ካብ መሰረቱ ክውገድ ኣለዎ ክንብል እንከለና። ገለና ከኣ፡ ብግልባጡ ኣሱራት ክፈትሕ፣ ቅዋም 97 ከተግብር፣ ጸረ-ህዝቢ ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ 18 ኣዋርሕ ወሪዱ ክቕጽል፣ ልኡላውነት ከኽብር ‰ወዘተ ንጽውዕ። እዚ ብርግጽ መስመሩ ዘይተነጸረ ሓንፈጽ ርእይቶዩ። ብንቕሓት ድማ ክስተኻኽል ኣለዎ። ብባህሪ ምስ ጉጅለ ህግደፍ እናሃለኻ ብኣፍካ ምኺናኑ ካብቲ ናይ ለውጢ ዕንቅፋት ሓደዩ። ካብ ከምዚ ዝበለ ሓንፈጽ ፖለቲካዊ ርእይቶ ከይወጻእናን ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መስመር ወኒንና ክሳብ ዘይተቓለስናን ከኣ፡ ወነንቲ ገዛእ ርእስናን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣናን ንኽውን ማለት ዘበትዩ። ሕማቕ ጓሳ ብበትሩ ይውቃዕ¡ ከም ዝተባህለ ምስ ምሉእ ናይ ዓቕምና እናሃለና እህህ እናበልና ክነብር ኢና። ስለዚ ካብ ናይ እህህታ ህይወት ንምድሓን፡ ካብ ሓንፈጽ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ልሙስ ተጸባይነት ንውጻእ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 14-11-2019